ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

ቁጽሪ 3
ሚያዝያ 2020

# ስለዚ ዮም ቆልዑ ኣብ እዋን ቅልውላው ኮሮና ትምህርቶም ክኸዱ ዘለዎም።

**ኣብዚ ናይ ኮሮና ቅልውላው እዋን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ቆልዑ ገዛ'ዮም ዝውዕሉ ዘለዉ።ኣብ ሽወደን ግን ትምህርቶም ይኸዱ ኣለዉ።**

ብዙሓት ሃገራት ሕብረተሰበን ከዓጽዋ'የን መሪጸን። ሰባት ከምዝውሸቡ ተጌሩን ኣስቤዛ ንክገዝኡን ንክንቀሳቐሱን ምውጻእ ጥራይ ከአ ይፍቀደሎም። ጽኑዕ ሕጊ'ዩ። እንተዘይኣኽቢሮሞ ኸኣ ብገንዘብ ወይ ብካልእ ኣገባብ ይቕጽዑ።

ናይ ሽወደን ሕብረተሰብ ግን ክፉት'ዩ ዘሎ። ኣብ ክንዲ ምዕጻው ብዙሕ ሓበሬታ ብምሃብ ሰባት ጌጋን ቅኑዕን ከምዝርድኡ ንገብር ። ኩሉ ሰብ ነብሱ ብኸመይ ይከላኸልን ናብ ካልኦት ንኸየመሓላልፍን ክፈልጥ ኣለዎ።

መንግስትን ናይ ህዝቢ ጥዕና ሰበስልጣናትን ኣዝዩ ወሳኒ ዝኾነ ነገር ጥራይ'ዮም ዝእግዱ። ንኣብነት ከምኡ ዝኣመሰለ ሕጊ: ናብ መንበሪ ኣረጋውያን ምብጻሕ ክልኩል'ዩ። ኣረጋውያን እንተደኣ ተለኺፎም ብጽኑዕ ክሓሙ ወይ ክሞቱ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ'ዩ።

**ቆልዑ ንቤትትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም**

መንግስቲ ኣብ መጀመርያ ናይ'ዚ ቅልውላው ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን ዩኒቨርሲትን ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ክመሃሩ ወሲኑ'ሎ። ናይ መባእታ ደረጃ ቤትትምህርቲ ግን ዝተፈለየ'ዩ። ኩሎም ቆልዑ ናብ መባእታዊ ቤትትምህርቶም  ክኸዱ ሕጊ እዩ ። ወለዲ ካብኡ ዝተፈለየ ክውስኑ ኣይክእሉን። ውሑዳት ቆልዑ'ዮም ተለኺፎምን ንሳቶም'ዉን ሕማሞም ቀሊል'ዩ። ስለ'ዚ እዮም ከኣ ትምህርቲ ክኸዱ ዘለዎም።

ቆልዑ ስለምንታይ ትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም እውን ምኽንያት ኣለዎ። ገዛ ምውዓል ንኹሎም ቆልዑ ጽቡቕ ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ኩነታት እምበኣር ቤት ትምህርቲ  መግቢ  :  ኣዕሩኽን ውሕስነት ዝህብዎም ዓበይቲ ሰባትን ዝረኽብሉ ዝበለጸ ቦታ'ዩ። ወለዲ ስርሖም ምኻድ ክቕጽሉ'ውን ኣገዳሲ እዩ ። ኣብ ሕክምና  :  መደበር ፖሊስ  :  መደበር መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ....  ወዘተ ንዝሰርሑ ወለዲ ከኣ ብፍሉይ ኣገዳሲ እዩ።

መባእታውያን ኣብያተትምህርቲ ንምዕጻው ዝኾኑ መደባት የለዉን። መንግስትን ናይ ህዝቢ ጥዕና ሰበስልጣናትን ለውጢ እንተደኣ ጌሮም ሜድያታትን ኮሙናትን ኣብያተ ትምህርትን ንቆልዑን ንወለድን ክሕብሩ  እዮም።

Krissamverkan
Kalmar län

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፣እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፣ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፣ዞባ ካልማር፣ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar
facebook.com/vasterevikskommun

VÄSTERVIKS
KOMMUN